## ኢሳያስ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ ንመደባት ልምዓት ኣመልኪቱ ዘስመየ መደረን፡ ኣብ መድረኽ ስማዊ ካቢኒ ሚኒስተራት ዝቐረበ ጸብጻብን ከም ዘይቃዶ ተገሊጹ።

መራሒ ህግደፍ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2017 ብ27-28 ጥሪ 2017 ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ፡ ንማሕበራውን ቁጠባውን ምዕባለታት ኣመልኪቱ ኣብ ውሽጢ 25 ዓመታት ምንም ኣይሰራሕናን ክብል ዝሃቦ ግሉጽ መደረን፡ ብ8-9 ለካቲት 2017 ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ካቢኒ ሚኒስተራት ጸብጻብ ተባሂሉ ዝተቓለሐ ዜናን ፈጺሙ ዘይራኸብ ናይ ክልተ ኣካላት ከም ዝመስልን ነቲ ጉዳይ ዝተኸታተሉ ተዓዚብቲ ሓቢሮም።
ካብ'ቲ ኣዝዩ ዘገርም ይብሉ እቶም ወሃብቲ ርእይቶ፡ ኢሳያስ ነቲ ኣቐዲሙ ኣብ ዕለታት 27-28 ጥሪ 2017 ባዕሊና ከም ሃገር ዝሓዝናዮን ዘዐወትናዮን መደባት ስራሕ የለን፡ ዓመተ 2017 ከኣ ናይ መጽናዕቲ ዓመት ክትከውን'ያ ክብል ዝገለጾ ዝሃርም፡ ብ8-9 ለካቲት 2017 ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ካቢኒ ሚኒስተራት፡ ካበይ ዝተረኽበ፡ ንዓመት ክንደይ ተመዲቡ፡ ከመይ'ከ ተኸፋፊሉ ዘይተገልጸ፡ ህዝቢ ዘይፈልጦ ሃገራዊ ባጀትን ባጀታዊ ኣሰራርሓን ቀዳምነት ዝወሃቦ'ዩ ምባሉን፡ እቶም ብምልክት ቛንቛ ዝዛረቡ ዝነበሩ ሚኒስተራት ኩሉ ሸነኻዊ ገስጋስ ሃገራዊ ምዕባለ ይምዝገብ ኣሎ ክብሉ ዘቕረብዎ ጸብጻብን ምስማዕ'ዩ ክብሉ ገሊጾም።

## ኣህጉራዊ ውድብ ስደት ( ኣይ ኦ ኤም) 2017 ብሕማቕ ጀሚረን ኣስታት 400 ዝኾኑ ስደተኛታት ህይወቶም ከም ዝሰኣኑን ኣረዲኡ።

እቲ ዘስካሕክሕ ናይ መሳኪን ስደተኛታት ህይወት ዝተቐዝፈሉ መጀመርያ ወርሒ ናይ 2017 ካብ ሊቢያ ባሕሪ ሜዲትራኒያን ሰጊሮም ናብ ምድሪ ኤውሮጳ፡ ከምኡ'ውን ብመንገዲ ሜክሲኮ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንምእታው ኣብ ዝተገብረ ፈተነ ከም ዘጋጠመን ካብ'ዞም ኣብ ክልቲኡ ቦታታት ዝተቐዝፉ ብድምር 400 ግዳያት እቶም ዝበዝሑ ኤርትራውያን ከም ዝኾኑን ኣህጉራዊ ውድብ ስደት ብ11 ለካቲት 2017 ካብ ጀኔቭ ንዘመሓላለፎ ሓበሬታ መሰረት ብምግባር፡ ማዕከን ዜና ሮይተርስ ገሊጹ።

ኣፈኛ ናይ ኣህጉራዊ ውድብ ስደት ጃኤል ሚልማን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ 15 ኤርትራውያን ካብ ሜክሲኮ ተበጊሶም ናብ ኣመሪካ ክኣትው ከም ዝተቐዝፉ፡ ሰበ-ስልጣን ግዝኣት ኣሪዞና ከም ዝሓበሩ ጠቒሱ፡ ካብ'ቶም ኣብ ባሕሪ ሜዲትራኒያን ዝሃለቑ'ውን ዝተወሰኑ ዜጋታት ኢትዮጵያን ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃን'ኳ እንተሃለውዎም ዝበዝሑ ግን መሳኪን ኤርትራውያን'ዮም ከም ዝበለን ሮይተርስ ኣብ ዝዘርገሖ ዜና ኣፍሊጡ።

## ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ፡ ብመስዋእቲ ተጋደልቲ ኣቡበከር ስሌማንን ስሌማን ኣደም ስሌማንን ዝተሰመየ ሓዘን ገሊጹ።

ደሞክራስያዊ ግንባር ሓደነት ኤርትራ /ደግሓኤ/ ተጋዳላይ ኣቡበከር ስሌማን ኣባል ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ ምንቅስቃስ ኤርትራ ከም ዝነበረ፡ ስሌማን ኣደም ስሌማን ድማ፡ መጀመርያ ኣብ ማሕበር ሸውዓተ፡ ቀጺሉ ካብ 60ታት ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ ሃገራዊ ግቡእ ብጅግንነት ከም ዝገበረ፡ ድሕሪ ምብትታን ጀብሃ ድማ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ክሳብ ኣባል ኣመራርሓ ኮይኑ ከም ዝሰርሐን ኣብ'ቲ ብ9 ለካቲት 2017 ዘውጸኦ መግለጺ ሓዘን ኣረጋጊጹ።

ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ) ኣብ'ቲ ዘውጸኦ ናይ ሓዘን መግለጺ፡ ተጋዳላይ ኣቡበከር ስሌማን ኣብ ስነ-ጽሑፍ ብዓረብኛ ጽቡቕ ኣፍልጦን ዓቕምን ከም ዝነበሮ፡ ስሌማን ኣደም ስሌማን ድማ፡ ኣብ ምሕያል እዚ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ ናቱ ኣወንታዊ ኣስተዋጽኦ ዝነበሮ ተቓላሳይ ምንባሩን ጠቒሱ፡ ኣብ መወዳእታ ብመስዋእቲ ንዝሓለፉ ሓርበኛታት፡ ዝተሰመየ መሪር ሓዘን ገሊጹ፡ ንውድባቶም፡ ቀረባ ስድራ ቤቶምን ፈተውቶምን ጽንዓት ይሃብኩም ኢሉ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 13-02-2017